# ንሸቐጥቲ ውሽጣዊ ኣካላት መናእሰያትና ዘይፈለጠ ይፍለጦ

እዚ ኣብዚ ጽሑፍ ሰፊሩ ዘሎ: ሓበረታ ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪን ምክትታልን ብጉዱሳት ኤርትራዉያን ተቓለስቲ ባእታታት ኣብ ዝተፈለለየ ኩርናዓት ዓለም ዝርከቡ ግዳይ ናይቲ ኣሪመናዊ ኢሰብኣዊ ተግባራት ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ዝኾኑ ዝረሓቑን ዝቐረበን ብኤርትራዉነቱ ሕልናኡ ዝሓመመ፣ ኣብ ልዕሊ ኤርትራዉያን መንእሰያት ዝፈጸም ዘሎን ዝጸነሐን ሕጂዉን ዝቕጽል ዘሎን ዓበይቲ ገበናትተተሳተፍቲ ዋናታቱን መሻረኽቶምን ንምፍላጥ ዓብይ ጻዕሪ ከነካይድ ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ዝተወሰነ ጭቡጥ ዝኾኑ ገለ ኣብዚ ተዋሳእቲ ዝኾኑ፣ ዝጸነሑን ዝቐጸሉዎ ዘለዉን ባእታታት ኣስማቶም ቀድሚ ምጽሓፍና ክንረጋግጾ ንደሊ ሓተታት ኣሎ።

ቀዳማይ፡ እዚ ኣብ ልዕሊ መናእሰይ ኤርትራ ጭካን ኣረሜናዊ ገበን ዝፍጽም ዘሎ ሰፊሕ ናይ ማፌያ መርበብ ም'ዃኑ ኩሉ ህዝቢ ዓለምና ዝፈለጦ ሓቒዩ።

ሀ. ዝርገሐ ናይዚ ማፌያ ሓይሊ'ዚ ኣስመራ **ብላዕለዎት ኮረነላት ህ.ግ.ደ.ፍ** ሱታፌ ብኣሳሓት ዶላራት እናኸፈሉ ካብ ኤርትራ ናብ ሱዳን የሰጋግሩ።

ለ. ተሓባበርቶም ከኣ ምስ **መርበብ ራሻይዳ** ተዋሃሂዶም እቲ ናይ ምስግጋር ጉዕዞ ብሲናይ ኣብሉ ክሳብ እስራኤል ይቕጽል

ሐ. **ገለ ሱዳናዉያን** ኣዉን እንተኮነ ኣብዚ ገበናትዚ ተዋሳእቲ ኢዮም። እቲ ዘሕዝን ግን ኢርትራዉያን ንንብሶም ኣብ ክልተ ጉሩብ ተመቓቒሎም ምስ ሱዳናዉያንን ረሻይዳ ተወሃሂዶም እዚ ገበን ኣብ ምስልሳል ቀንዲ ተዋሳእቲ ባዕሎም ኤርትራዉያን ም'ዃኖም ኢዩ።

መ. ካብ **ኢትዮጵያ ንሱዳን** ዝሰጋግሩ ናይ ማፊያታት ዕላማ ዘሳልጡ ደላሎ ኣብ **መዓስከር ስደተኛታትን ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ኢትዮጵያ ብፍላይ ከኣ ኣብ ትግራይን ጎንደርን** ይርከቡ። እዚ ናይ ጥፍኣት መርበብ እዚ ተዘርግሁሉ ዘሎ ሃገራት 1) ኤርትራ፣ 2) ሱዳን 3) ኢትዮጲያ 4) ግብጺ 5) እስራኤል ኢየን።

እቲ ዘሕዝን ንመናእሰያት ኤርትራ ጆሆ ብምሓዝ ኣሻሓት ዶላራት ብኣስግዲድ እንዳ ኣኽፈሉ ብቑጽሪ ሒሳብ ባንክ **ኣብ ሰዑዲያ ኣብ ዱባይ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ሱዳን** ወዘተ ይቕበሉዎ።

ሕጂ እምበኣር ድሕሪ እዚ ሓፈሻዊ መቅድም፡ ብክልተ ዝተጻረዩ ቀንዲ ናይቲ ኣሬሜናዊ ተዋሳእቲ ዝኾኑ ክልተ ጉሩብ (ክልተ ጉጅለታት) ካብ ዝበጻሕናዮም ጭቡጥ ሓበሬታ ንህዝብናን ንፈተውትናን ነቶም ናይዚ ኣሬሜናዊ ግፍዕታት ግዳይ ዝኾኑ ስድራቤታት ኤርትራዉያን ከንቶ ከም ዘይጥፍእን ወዕሉ ሓድሩ ገበነኛታት ኣብ ፍርዲ ዝቀርብሉ ግዜ ሩሑቕ ከምዘይኮነ ከነረጋግግጸልኩም ንፈቱ።

እምበኣር እቶም ተወዳደርቲ ክልተ ናይ ማፊያ ጉጅለታት መራሕተን ኣስማቶም ክንጠቅስ እና።

**ቀዳማይቲ ጉጅለ**

**ስም፣ የውሃንስ ማሕራይ ብጆን ( ብወዲ ማሕራይ)** ዝፍለጥ። ዓዱ ዑና ዓንዶም (ጭዓሎ)። ተሓባበርቲ ኣብ ኤርትራ ኣብ ሱዳን ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ምስርን እስራኤልን ኣሎዎም።

**ካልኣይቲ ጊጅለ**

**ስም፣ ኣንገሶም ጠዓመ ኣከለ** ተወሊዱ ዝዓበየሉ ዓዲ ቐይሕ። ሑሉፍ ታሪኹ ምስ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ሃገራዊ ድሕነት ኮይኑ ንጹሃት ኤርትራዉያን ዝገፍዕ ዝነበረ ሰብ ኢዩ። ተሓባበርቱ ድማ ኣብ ኤርትራ ሱዳን ኢትዮጵያ ምስሪ እስራኤል ይርከቡ።

እዞም መራሕቲ ገበነኛታት ክልተ ጉጅለ ደቂ ኣውራጃ ኣከለ ጉዛይ ኮኖም ብኸባቢ እንተኾነ'ዉን ተቐራረብቲ ኢዮም።

እቲ ናይ ማፊያ ስራሕ ኣብ ምጅማሩ ብሓባር ከም ዝነበሩ ድሕሪ ቁሩብ ጉዕዞ ግን ኣብ ከቢድ ናይ ገንዘብ ዉድድር ኣትዮም ኣብ መንጎ ክልትኦም ጽልኢ እንዳ ሰፈሐ ክዕራቐ ዘይኽእለ ምትህልላኽ ነጊሱ። ብምኽንያት ኣብ መንጎ ክልትኦም ዝተፈጥረ ዘይዕረቐ ሽግር ኤርትራዉያን መናእሰያት ቁጽሮም ብኣሽሓት ህወቶም ሓሊፉ ኢዩ። ኣካላት መናእሰይ ኤርትራዉያን ተበታቲኹ ኣብ ዕዳጋ ኣውዕሎም ኢዮም።

ንኣብነት ጉጅለ ወዲ ማሕራይ (ጆን) ካብ ጉጅለ ኣንገሶም ዝኣከቦም ተሰጋገርቲ መናእሰያት ኤርትራዉያን ብዘይ ፍቓድ ኣንገሶም ወሲዶም ኣብ ኒል ባሕሪ ብኣረጊት ጀልባ ክጥሕሉ ከምዘለዎም ይገብር። ብዙሕ ኤርትራዊ ህይወት ድማ የህሊቑ።

ጉጅለ ኣንገሶም ድማ ናይ ግብረ መልሲ ካብ ናይ ጆን ጉጅለ ዝተኣከቡ መናእሰያት ወሲዱ ኣብ ሓደ ዕጹው ቦታ ብምእታው ኣንገሶምን ተሓባበርቱ ራሻይዳ ኮይኖም ካብ ነብሲ ወከፍ እሱር 30 ሽሕ ዶላር ብምሕታት እቲ ዝክፈል ክፌሉ እቲ ዘይከፈለ ድማ ኣካላቱ ከም ናይ በጊዕ ስጋ ተመቓቂሉ ተሸይጡ። ብዙሓት ኤርትራዉያን ድማ ኣጥፊኦም። ድሕሪ እዚ ኣብ ልዕሊ ደቂሰባት ጭካኔ ዝመልአ ኣሬሜናዊ ዉድድርን ምትህልላኽን ኣብ ዝኸፈአ ጠረዙ በጽሑ'ዩ። ክልተ መራሕቲ ጉጅለታት ንክቀታተሉ ተዳለዩ።

በዚ መሰረት ወዲ ማሕራይ (ጆን) ንኣንገሶም ንምቕታል ናብ ኢትዮጵያ መጽኡ ደልዩ ስእኑዎ ከም ተመልሰ ናብ ሱዳን ይሕበር።

ኣንገሶም ንሱ ዝመርሓ ጉጅለን ብወገኖም ንወዲ ማሕራይ ንምቕታል ብዙሕ ተንቀሳቒሶም ከይተዓወቱሉ ኣይተርፉን ኢዮም ይመስለና፣ ሃለዋት ወዲ ማሕራይ ካብ ሱዳንን ምስርን ጠፊኡ ኣሎ። ንምኸኣኑ ኣንገሶም መን ኢዩ። ንኣንገሶም ጠዓመ ወጅሀ ጠዓመ ከሰተ ጠዓመ ነዚ ዝተጥቅሰ ኣንገሶም ኩሉ ባዕሉ ኢዩ። ካልእ እዉን ክህሉ ይከኣል ኢዩ።

እምበኣር እዚ ዝተጠቕሰ ማፊያ ሕጂ ቀንዲ መዋፈርኡ ኢትዮጲያ ኮይኑ ምስ ተፈላለዩ ሰባት ሽርክነት ፈጢሩ እቲ ኣብ በረኻታት ሲናይ ኤርትራውያን መንእሰይ ሸይጡ ዘኣከቦ ገንዘብ ዶላራት ቁጽረን ብርክት ዝበለ ናይ ጽዕነት መካይን ገዚኡ የንቀሳቕስ ከም ዘሎ ይፍለጥ። እዚ ጥራ ዘይኮነ እቲ ናይ ስራሕ ሕጂዉን ብዘይ ምቑራጽ ምስቲ ንሱ ዝመርሓ ጉጅለ ብዘመናዊ መሳረሒታት እንዳ ተሓገዘ (እንዳ ተራኸበ) ኤርትራዉያን ኢትዮጵያዉያን ሶማላዉያን መናእሰያት ብመንገዲ ሑምራ መተማ ኣብ ምስግጋር ይርከብ። ነዚ ናይ ማፊያ ስራሕ

ምስላጥ ዝኾና ናእሽቱ ዘመናዊ መካይናት ከምዘለወአ ይግለጽ። ሓንቲ ከም ኣብነት ንምጥቃስ ናይ ኢትዮጵያ ተርጋ ዘለዋ 69530 ኮይና ኣብ ዶብ ሱዳን ምስ በጸሐት ናይ ሱዳን ተርጋ ትቅይር ምኾነን ይንገር። እዚዉን ከይኣኽሎ ኣብ ውድባት ኤርትራ ከም መሕበኢ ክጥቀመሎም ይፊትን ከም ዘሎ ሩጉጽ ሓበረታ ኣሎና። ነዚ ገበነኛ ክሕተት ምኾኑ ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

መልእኽቲ ንመንእሰያት ኤርትራ ብሓባር እቲ ኣብ ላዕሊ ጠቂስናዮ ዘሎና ዓበይቲ ሽግራት ጠንቅን ዋኑን ስርዓት ህ.ግ.ድ.ፍ ኢዩ። እዚ ስርዓት እዚ ኣብ ምውዳቕ እጃምካ ኣልዕል ንሂወትካን ክብርኻን ዋጋ ሃቦ ንስድራቤትካን ኣሕዋትካ ሃገርካን ዝኽፈል ዘሎ መስዋእቲ ተረድእካ ቆላሕታ ግበረሉ። ተኸታተሎ ድማ።

ካብ ጉዱሳት ኤርትራዉያን

ወዲ በርሀን

ዓንድኪኤል ተወልድ

ካብ ተል ኣቢብ ኤስራኤል